ቤት ፅሕፈት ዞባ ምብራቅ ከተማ ዓዲግራት ኣብ ቤት ፅሕፈታትን ሴክተራትን ኣገልግሎት ዝዉዕል ኣቅሑት መሳርሒ ፅሕፈት ከምእዉን ንናይ ቢሮ ተሽከርከርቲ መለዋወጢ ኣገልግልት ዝዉዕል ስፔር ፓርትን ጎማታትን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 5, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 28, 2017 11:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:ንናይ ተሽከርከርቲ ኣቅሑት ስፔር ፓርትን 10000 : ንጎማ ተሽከርካሪ 10000 : ንኣቀሑት መሳርሒ ፅሕፈት 5000
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 30, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይዚ ዘበን ግብሪ ዝከፈሉልን በቲ ዘፈረ ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ከቅርብ ዝክእል

2 ናይ ተጋዳይ መለለይ ከፋሊ ግብሪ እዉን ዘለዎ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ከቅርብ ዝክእል

3 ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብሉ መረዳእታ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ከቅርብ ዝክእል እዉን እዋናዊ ናይ ሳለሳ መጋቢት 2016 ዓም ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይ እዉን ግበሪ ሒሳበ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ከቅርብ ዝክእል

4 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ካብ 9/3/2017 ዓም ክሳብ 27/3/2017 ዓም ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ካብ 2:30 ንጉሆ ክሳብ 11:30 ድሕሪ ቀትሪ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ዞባ ምብራቅ ከይዲ ስራሕ ዕድጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ከተማ ዓዲግራት ቢሮ ቁፅሪ 17 ብኣካል ብምቅራብ ምዉሳድ ይከኣል

5 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መከበሪ ጨረታ ንናይ ተሽከርከርቲ ኣቅሑት ስፔር ፓርትን 10000 : ንጎማ ተሽከርካሪ 10000 ከምእዉን : ንኣቀሑት መሳርሒ ፅሕፈት 5000 ቅርሺ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ወይ እዉን ብጥረ ገንዘብ ክትሕዝ ዝክእል

6 ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ዞባ ምብራቅ ከይዲ ስራሕ ዕድጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ከተማ ዓዲግራት ዝርከብ ኮይኑ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ጀሚሩ ክፍቲ ይከዉን

7 ሳነዱቅ ጨረታ 27/3/2017 ዓም ሰዓት 11:30 ናይ ምሽት ተዓፅዩ : 30/3/217 ዓም ሰዓት ሰዓት 4:00 ናይ ንግሆ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ዞባ ምብራቅ ከይዲ ስራሕ ዕድጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ከተማ ዓዲግራት ክፍሊ ቁፅሪ 17 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

8 ሰነድ ጨረታ ክምላእ ከሎ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን

9 እቲ ዝምላእ ዋጋ ምስ ቫቱ ክምላእ አለዎ በዛዕባ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ ተኮይኑ ግና እቲ ዝተመለ ዋጋ ምስ ቫቱ ወይ እዉን ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘማለአ ተገይሩ ተሓሳቢ ይግበር

10 ኣብ ነብሰ ወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ፊርማ ናይቲ ትካል ማህተምን ክግበሩ ይግባእ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብመሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ 0963355537/ 0914025817

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle